# ጥዋፍ  20-ሰነ

ጥዋፍ 20-ሰነ ብርሃና ዓሚሩ
ቀው ኢሉ ንዘረኣያ ኣብ ማእከላ ኣትኵሩ
ካብቲ ክሊ ሃልሃልታኣ እቲ ትካ እንተተነቢቡ
ኣብታ ናይ 2000 ዘይነበረ እንታይ ተራእየ? ንዝብሉ፡፡

ከመይከ ናይ ለብዘበን ብንጹር ድምቀት
ተጓሃሂሩ ሃልሃልታኣ ቅህምከ ንቕጽበት
ኡፍ! ኢልካያውን መመሊሳ ተቓጻጸለት
እንታይ ንበሎሞ ዘይምልክት ቅሳነት፡፡

ቅሳነትከ ቅርጺ ኣለዎድዩ? መንከ ይኣምቶ
ካብ ሃልሃልታ ጥዋፍዶ----ካብ ብኡፍታ ዝተሓለላ ከናፍር
ካብ ፍረ-ጻዕሪ ሰብ ሕድሪዶ----ካብ ባዶሽ መዛግብ ዘይ ሰብ-ውዕሎ
ብጥቕልሉ እቲ መስጢር ኣብታ ጥዋፍ 20-ሰነ ኸሎ፡፡

ኡፍ!! ኢሎም ንዓሰርተ ዓመት ዝተሓለሎም
ነዛ እተኾለዕልዕ ጥዋፍ ከቕህሙ ፈቲኖም
ቕርጻ ጥራሕ ለዋዊጣ እምበር ኣሕሪራ ሳነቡእ ብዱዓት
ኡፍታ ሓሳድ ደጓዓይ፡ ኡፍታ ቶም ዝሩጋት ሓሞት፡፡

ምስ ተራእየ ቲዓቢ ሃልሃልታ ኣብ ዓዲ ብዱዓት
ንዝመርመራ ጥዋፍ 20-ሰነ ናይታ ዝቐደመታ ዓመት
ብርሃና ደቢኑ ጭልምልም ኢላ ትኪ ጥራሕ
ካብ ዓብላኹ ትካ ዝተቐርጸ ቕጽበታዊ ፊደላት፡፡

"ክ" ትመሰል--"ድ" ትድረባ---"ዓ" ተኻታቲለን
ናብ ኣየር ይብተና ኘኻልኢታት ተራእየን
ነረኚ ግን ካልኦት ቕርጺታት ዝደቐቓ ፊደላት
"ጽ" ትመሰል---ስዒባ "ን" --- ድንጉይ ኢላ ኸኣ "ት"
መንሞ የለልያ ብጀኻ ቶም ኣናብስ ሰብ ምዑታት ሓሞት፡፡

ጥዋፍ ዕስራ ሰነ እንታዩ ምስጢራ
ኡፍታ ጠላማት እንተኣቕሃማ---መናፍሕ ቶም "ምሩጻት"
ካብ ጭልምልም ሓሊፉ ከቶ ዘይትጠፍእ
ምርጽቲያ ንባዕላ እንተመሰሎም ሰፍነግ ተራ-መራ፡፡

እቶም ምሩጻት ኢና በሃልቲ ምስ ወከልቶም ከተርቲ
እቶም ሓያላት ኢና በሃልቲ ዓለም መናውጽቲ
ነዛ ጥዋፍና ከጥፍኡ ንዝወሰድዎ ስጉምቲ
ብድሆ ኢሉ ምስ ወጸ እቲ ሕዝባዊ መልሲ
ሽምዓ 20-ሰነ ለብዘበን ሃልሃልታኣ ድምቕቲ፡፡

ሰፍነጋ ፍሉይ መዓስ ፈርካሽ ኮይኑ
ዝጨበጣኣ ኣጻብዕ ብመለጋግቦ የዕጽምቲ - ጋኑ፣
ገመዳ ዘይምናህ ኣይከም ርቀቱ
ዝጨበጣኣ ኣጻብዕ ተኣሳሲረን ብደም ስውኣት
ክምህ ንዘይብል ተሪር ዕምኮ ኤርትራዊ ጥምረት፡፡

ናይ ለብዘበን ጥዋፍ 20-ሰነ ተጓሃሂራ ሃርሃር
ብዓወታዊ ዜማታት ቅሰኑ-ቅሰኑ ሰማዕታትና
ከውልን ጸልማትን ሰናጢቑ ብርሃና
ደመቐት! ደኣ ደመቐት! ንመርሆ ጽንዓት ሓባሪት ስጉምና።

ዘልዓለማዊ ክብሪ ንስውኣትና!!
ዓወት ንሓፋሽ!!

ሓይልኣብ ልዑል ተስፋይ
ቶሮንቶ    06/20/10